**ተደጋጋሚ ሕቶታት:- ናይ ኢሚግሬሽ ፖሊሲታት ምቕይያር ኣብ ኣይ ኣር ሲ (IRC) ዓማዊል ዘሕድሮ ዘሎ ጽልዋ**

*ኣይ ኣር ሲ (IRC )ኣብ ኣሜሪካ ንዝቅመጡ ዓማዊል ምንጪ ሓበሬታ ፈጢሩ ኣሎ። እዚ ድማ ንሰባት መሰላቶምን ናይ ስደት መስርሕን ብዝሓሸ መገዲ ንኽርድእዎ ክሕግዞም ተስፋ ንገብር።ይኹን እምበር እዚ ሐበሬታ ካብ ብቑዕ ጠበቓ ወይ ድማ ተቐባልነት ዘለዎ ተወካሊ ዝተወሃበ ናይ ሕጊ ምኽሪ መተካእታ ኣይኰነን።እዚ ሓበሬታ እዚ ካብ **10 ለካቲት 2026** ኣትሒዙ ትሕዝቶኡ ትኽክል እዩ፣ ብምኽንያት ተወሳኺ ናይ ፖሊሲ ለውጢ ወይ ውሳነታት ቤት ፍርዲ ድማ ብቐልጡፍ ክቕየር ይኽእል እዩ።*

## እቲ ሓዱሽ ናይ ኢሚግሬሽን ፖሊሲ ብኸመይ ገይሩ ክጸልወኒ ይኽእል?

ፖሊሲ ኢሚግሬሽን ብቕልጡፍ ይቀያየር ኣሎ ፣ዳርጋ ንኩሎም ኣብ ኣሜሪካ ዝነብሩ ዜጋታት ዘይኰኑ ሰባት ድማ እዚ ምቅይያራት ፖሊሲ ይጸልዎም እዩ ዘሎ። ናይ ነፍሲ ወከፍ ስብ ኩነታት ዝተፈላለየ እንተኾነ እንኳን ብዛዕባ ውልቃዊ ኩነታትካን ኣማራጺታትካን ከማኽረካ ዝኽእል ናይ ኢሚግሬሽን ጠበቓ ወይ ብክፍሊ ፍትሒ ተቐባልነት ዝረኸበ ሕጋዊ ወኪል ጥራይ እዩ። ኣብ ታሕቲ ናብ ትኽክል ዝኾነ ኣንፈት ዝመርሐካን ኽሕግዘካ ዝኽእል ሓፈሻዊ ሓበሬታ ኣሎ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ብዛዕባ ውልቃዊ ኩነታትካ ምኽሪ ንምርካብ ኩሉ ጊዜ ፍቓድ ዘለዎ ሰብ ሞያ ሕጊ ኣማኽር።

### ኣነ **ስደተኛ** እዩ። በዚ ሓድሽ ናይ ኢምግሬሽ ፖሊሲ ምኽንያት ዕቑባ ናይ ምስኣን ወይ ድማ ናይ ምስጎግ ሓደጋ ከጋጥመኒ ይኽእል ዶ ?

ሐደ ሰብ ናይ ሰደተኛ ደረጃ ወይ ድማ ዕቑባ እንተሃሊዎ እዚ ኩነታት ሰደተኛ ቀዋሚ እዩ። ይኹን እምበር ብ 21 ሕዳር 2025 ዓ/ም መንግስቲ ኣሜሪካ ካብ 20 ጥሪ 2021 ዓ/ም ክሳዕ 21 ለካቲት 2025 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ናብ ኣሜሪካ ንዝኣተዉ ስደተኛታት ክምርመርን ዳግማይ ቃለ መሕተት ክግበረሎምን ዝጠልብ ሓድሽ ፖሊሲ ወጺኡ ኣሎ። ኣብዚ እዋን እዚ ከም ስደተኛ ኾይንካ ናብ ኣሜሪካ እንተ ኣቲኻ ብዛዕባ ጉዳይካን ቃለ መሕተት ተተጸዊዒኻን ብኸመይ ከም ትዳሎን ምስ ናይ ኢሚግሬሽ ጠበቓ ከተማኽር ኣለካ። ተወሳኪ ሓበሬታ እንተ ደሊኩም ኣብዚአ ቀጻሊት ሊንክ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም(here) ።

### ኣነ **ካብተን ሓንቲ ኣብ ዝርዝር "እገዳ መገሻ" ዘለዋ ሃገራት እየ መጺአ**።በዚ ሓድሽ ናይ ኢምግሬሽ ፖሊሲ ምኽንያት ዕቑባይ ናይ ምስኣን ወይ ድማ ናይ ምስጎግ ሓደጋ ከጋጥመኒ ይኽእል ዶ ?

ብ 02 ታሕሳስ ዓ/ም መንግስቲ ኣሜሪካ ካብ 20 ጥሪ 2021 ዓ/ም ወይ ድሕሪኡ ኻብተን እገዳ መገሻ ዝተገብረለን 19 ሃገራት ናብ ኣሜሪካ ዝኣተዉ ውልቀ ሰባት ክምርመርን ዳግማይ ቃለ መሕተት ክግበረሎም ዝጠልብ ሓድሽ ፖሊሲ ኣውጺኡ ኣሎ።እቲ ፖሊሲ ብተወሳኺ ብ02 ጥሪ 2026 ዓ/ም 20 ተወሰኽቲ ሃገራት እውን ዘጠቓለለ እዩ። ዜጋ ሓንቲ ኻብዘን ሃገራት እዚ ኣተን እንተ ኾይንካን ካብ 20 ጥሪ 2021 ዓ.ም ወይ ድሕሪኡ ናብ ኣሜሪካ እንተ ኣቲኻ ብዛዕባ ጉዳይካ ምስ ናይ ኢሚግሬሽን ጠበቓ ከተማኽር ኣለካ። ተወሳኪ ሓበሬታ ኣብዚአ ቀጻሊት ሊንክ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም( here)።

### ኣነ **ግዝያዊ ናይ ዕቑባ ኩነታት(TPS)** ወይ ድማ ብህጹጽ ሰብኣዊ ምኽንያት **ሰብኣዊ ፓሮል** (Parolee) ኣለኒ።በዚ ሓድሽ ናይ ኢምግሬሽ ፖሊሲ ምኽንያት ዕቑባይ ናይ ምስኣን ወይ ድማ ናይ ምስጎግ ሓደጋ ከጋጥመኒ ይኽእል ዶ ?

መንግስቲ ኣሜሪካ ቅድሚ ሕጂ ንብዙሕ ሃገራት ሂብዎ ዝነበረ ግዝያዊ ዕቑባ ( TPS) ኣቋሪጹ ኣሎ።ግዝያዊ ዕቑባ ተተቋሪጹ ድማ ኣብ ሕጂ እዋን ግዝያዊ ዕቑባ ( TPS) ዘለዎም ሰባት ግዝያዊ ዕቑባኦምን( TPS) ናይ ስራሕ ፍቓድ ከሕድሱን ኣይክእሉን እዮም።እዚኦም ሰባት ምናልባትም ክእሰሩን ወይ ድማ ናይ ምእላይ መስርሕ ውሳነ ክዋሃቦም ይክእል እዩ ። ንግዝያዊ ዕቑባ(TPS) ዝተመደቡ እዋናዊ ዝርዝር ሃገራትን ናይ ዘን ሃገራት ነፍሲ ወከፍ ቅቡል ዕለታት ንምርግጋጽ ኣብዚ ሊንክ ርኣዩ (here) ።
ብህጹጽን ጊዝያዊ ሰብኣዊ ምኽንያት ናብ ኣሜሪካ ኣትዮም ዝነበሩ ብዙሓት ሰባት ተዋሂብዎም ዝነበረ ሰብኣዊ ፓሮል ተቋሪጹ ኣሎ ። ኣብዚ እዋን እዚ ናይ ሰብኣዊ ፓሮል ደረጃ እንተሃልዩካ ብቁልጡፍ ተመሊስካ ናይዚ ሰብኣዊ ፓሮል ተጠቃሚ ምኳን ትኽእል ምኳንካን ወይ ድማ ዘለካ ካልእ ናይ ሕጊ ኣማራጺታትን ሓደጋ ምስጓግ ንምክልኻል ህጹጽ ናይ ሕጊ ምኽሪ ኽትሓትት ኣለካ።

### እንታይ ዓይነት ቅጥዒታት ክሕዝ ኣለኒ?

**መዘኻኸሪ**:- ኩሉ ጊዜ ኦርጅናል ቅጥዒ ወይ ቅዳሓት ወረቐት ምሳኻ ሒዝካ ኽትከይድ ከምዘለካ እዩ ዝምከር። ተወሳኺ ቕዳሓት ኣብ ገዛኻ ምቕማጥካ ካኣ ኣረጋግጽ።

| **ኩነታት/ደረጃ** | **ክታሓዝ ዘለዎ ቅጥዒታት** |
| --- | --- |

| | |
|---|---|
| ኣብዚ እዋን እዚ **<u>ናይ ኢሚግሬሽን ደረጃ ወይ ድማ ናይ ስደተኛ ዕቑባ እንተ ሃሊዩካ</u>** | **ኩሉ ጊዜ ኣብ ኣሜሪካ ዘለካ ናይ ስደት ኩነታትካ ዘረጋግጽ ቅጥዒታት ሓዝ፣ ንኣብነት**<br>1. **<u>I-551</u>** ሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ከም ዘለካ ዘረጋግጽ መርትዖ(ግሪን ካርድ)<br>2. **<u>I-94</u>** ብሕጋዊ ከምዝኣተካ ዘርኢ ቅጥዒ ወይ ማሕተም ዘለዎ ፓስፖርት ወይ ካልእ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ምስ ቪዛ ወይ ናይ መእተዊ ማሕተም ዘለዎ መርትዖ<br>3. **<u>ናይ ስራሕ ፍቓድ ካርድ</u>**<br>4. **<u>I-797</u>** ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትካ ዝጸደቀሉ ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ ወይ ድማ ደብዳበ<br>5. **<u>ብመንግስቲ ዝተዋህበ ፍቓድ መራሕ ማኪና</u>**—ግዝኣትካ ፍቓድ መራሕ ማኪና ንምርካብ ህሉው ናይ ስደት ኩነታት ዝሓትት ተኾይኑ ጥራይ |
| **<u>ኢሚግሬሽን ደረጃካ ኣብ ከይዲ ተኾይኑ</u>** (ማለትም ናይ ኢሚግሬሽን ጥቕሚ ወይ ድማ ዕቑባ ሓቲትካ ተኾይንካ ይኹን እምበር ገና ኣብ ጉዳይካ ውጽኢት ዘይረከብካ ተኾይኑ ) | **<u>ካብ ዜግነትን ኢሚግሬሽን ኣሜሪካ (USCIS) (I-797) ዝተወሃበካ ቅዳሕ ናይ መመልከቲ ቅብሊት ሓዝ።</u>**<br>***መዘኻኸሪ፦*** ናይ ኢሚግሬሽን ደረጃካ ኣብ ከይዲ ተኾይኑ ካብ ማእሰርቲ ወይ ካብ ምእላይ መስርሕ ክዕቀብካ ኣይክእልን እዩ። |
| **<u>ኣብ ናይ ምእላይ መስርሕ እንተ ኮይንካን ናይ ስራሕ ፍቃድ ካርድ ዘይብልካ እንተ ኮይኑ</u>** | ቅዳሕ ናይ ***<u>መመልከቲካ ወይ ድማ ጉዳይኻ ዝስመዓሉ መዓልቲ</u>*** ፣ዝኮነ ይኹን መመልከቲ ቅብሊት ወይ ከኣ ናይ ***ሰብኣዊ ፓሮል ጽሑፍ ሐበሬታ*** (ዝምልከተካ እንተ ኾይኑ) ሒዝካ ኽትከይድ ትኽእል ኢኻ። |
| <u>**ሰነድ ዘይብሉ /ዘይሕጋዊ ስደተኛ** </u>እንተ ኮይንካ | ሃገራዊ መለለዩ ( ታሴራ) ወይ ድማ ሃገራዊ ፓስፖርት **<u>ክትሕዝ የብልካን</u>** ምኽንያቱም እዚኦም ቅጥዒታት ኣብ ናይ ኢሚግሬሽን ቤት ፍርዲ ኣንጻርካ ክጥቀሙሉ ስለዝኽእሉ እዮም።<br>***<u>መዘኻኸሪ</u>***፦ ናይ ሓሶት ሰነድ ወይ ድማ ናይ ካልእ ሰብ ሰነድ ክትሕዝ የብልካን። |
| **<u>ሰነድ ዘይብሉ</u>** እንተ ኮይንካ **<u>ወይ ድማ ስደተኛ ደረጃካ ኣብ ከይዲ ተኾይኑን ኣብ ናይ ምእላይ መስርሕ እንተዘኮይንካን ፣ ኣብ ኣሜሪካ ንኽልተ ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ጸኒሕካ እንተ ኮይንካ</u>** | ብቕልጡፍ ካብ ናይ ምእላይ መስርሕ ንባእልካ ንምክልኻል ንልዕሊ ኽልተ ዓመት ኣብ ኣሜሪካ **<u>ብኣካል ከም ዝነበርካ ዘረጋግጽ</u>** ***<u>መርትዖ</u>*** ሒዝካ ኽትከይድ ኣለካ።<br>***መዘኻኸሪ፦*** እዚ ካብ ማእሰርቲ ወይ ካብ ሓደጋ ምስጓግ ክዕቀብካ ኣይክእልን እዩ እንተኾነ ግን ካብ ቅልጡፍ ምእላይ መስርሕ ኽከላኸለልካ ይኽእል እዩ።እዚ ድማ ነዚ ዝስዕብ ቅዳሓት ከጠቓልል ይኽእል እዩ፦<br>● ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ናይ ቀረጽ ሰነዳት መርትዖ (ብቑዕ ቊጽሪ ናይ ቀረጽ ካርድ ( ITIN) ወይ ማሕበራዊ ውሕስነት እንተ ተጠቒምካ ጥራይ)<br>● ናይ ክራይ ገዛ ሰነዳት<br>● ናይ ኣገልግሎት ወጻኢታት<br>● ናትካ ወይ ናይ ደቅካ ናይ ቤት ትምህርቲ መዛግብቲ<br>● ኣብ ኣሜሪካ ንልዕሊ ኽልተ ዓመት ከም ዝጸናሕካ ዝሕብር ካልእ ሰነዳት |

## ብዛዕባ መሰልካ ፍለጥ!

ኩሎም ኣብ ኣሜሪካ ዝነብሩ ሰባት ናይ ስደት ኩነታት/ደረጃ ብዘየገድስ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ኣሜሪካ መሰል ኣለዎም።

ፖሊስ ወይ ናይ ኢሚግሬሽን ብዓል ስልጣን ደው እንተ ኣቢሎምካ ወይ ሕቶ እንተሓቲቶምካ **<u>እዞም ዝስዕቡ መሰላት</u>** ከም ዘለውካ ኣይትረስዕ፦

- **ምስኦም ከይትዘራረብ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።** ኣበይ ከም ዝተወለድካ ወይ ብኸመይ ናብ ኣሜሪካ ኸም ዝመጻእካ ዘይምዝራብ ትኽእል ኢካ።

- ናይ ኣሜሪካ ዜግነት  እንተዘይሃሉካን ሓደ ብዓል ስልጣን ኢሚግሬሽን ወረቓቕቲ እንተ ሓቲትካ እቲ ወረቐት ምሳካ  እንተሃልዩ ከተርኢዮ ኣሎካ። ናይ ኢሚግሬሽን ሰነዳትካ ኩሉ ጊዜ ምሳኻ ሓዞ። **ናይ ኢሚግሬሽን ወረቐትካ እንተ ዘይሒዝካ ስቕ ክትብል ከም እትደሊ ንገሮ።**
- ኣብ ገዛ እንተሃሊካ:- **ብዳኛ ዝተፈረመ ፍቓድ እንተ ዘይረኺብካ ንሕጊ ኣከበርቲ ናብ ገዛካ ክተእትዎም የብልካን እዩ።**
- **ምስ ጠበቓ ኽትዘራረብ መስል ኣለካ።**
- **ዝኾነ ይኹን ነገር ቅድሚ ምፍራምካ ምስ ጠበቓ ተዘራረብ።**
- **ኩሉ ጊዜ ብቋንቋካ ዝተተርጎመ [መሰልካ ፍለጥ ዝብል ቀይሕ ካርዲ](Know Your Rights Red Card) ሐዝ** ።ሓደ ናይ ኢሚግሬሽን ብዓል ስልጣን ደው እንተ ኣቢሉካ ድማ ኣርኢዮ።

## ተወሳኪ ሐበሬታ እንተደሊኩምን መሰላትኩም ብኸመይ ከም እትሕሉው ንምፍላጥ ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክ ተጠቐሙ:-

ILRC Red Cards

Wehaverights.us

## ንህጹጽ ኵነታት ንምድላው፣ምእሳር ወይ ድማ ካብ ስድራቤትን ትፈትውዎም ሰባት ምፍልላይ ሓዊሱ፤

እዚ ሬዲናው ዝብል **ReadyNow!** ኣፕሊኬሽን  እዚ ንስደተኛታት ከጋጥም ንዝኽእል ማእሰርቲ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ንምሕጋዝን ኣብ ጊዜ እዋን ቅልውላው ቅልጡፍ ስጉምቲ ንኽወስዱን ዝሕግዝ ናጻን ውሕስነት ዘለዎን ሞባይል ኣፕሊኬሽን እዩ።  እዚ ኣፕሊኬሽን ብሓለፍቲ ኢሚግሬሽን እንተተኣሲርካ ንስድራቤትካን ን የዕሩክትካን  ብቕልጡፍ ስጉምቲ ክወስዱን ክሕግዙኻን ኣድላዪ ሓበሬታ ብቕልጡፍ ንምጥንቃቕ ዝተዳለወ እዩ።እዚ ኣፕሊኬሽን ብብዙሕ ቋንቋታት እዩ  ዝርከብ።

1. **እዚ ብሓደ መጠወቕታ ናይ ህጹጽ ግዜ መጠንቀቕታ እዩ** ። እቲ ናይ መጠንቀቕታ ኣዝራር ብሓለፍቲ ኢሚግሬሽን እንተተኣሲርካ ነቶም ዝመረጽካዮም ናይ ሓደጋ ጊዜ ተጸዋኢን ናይ ህጹጽ ሕጋዊ ሓገዝ ዝህቡካ ሰባት ናይ ህጹጽ ግዜ መደባትካ እንታይ ምኳኑ ሓዊሱ የፍልጦም።

2. **ቀሊል ዝኾነ ናይ ህጹጽ ግዜ መደባት**።እዚ ናይ ህጹጽ ግዜ መደብ እዚ ተኸታታሊ ብሕታዊ መልእኽቲ ኮይኑ ብኢምግሬሽን ሓለፍቲ እንተተአሲርካ ነቶም ክሕግዙካ ዝመረጽካዮም ሰባት ዝስደድ መልእኽቲ  እዩ።

- መጀመርታ ናይ ሕጊ ትሕዝቶ ዘለዎ መልእኽቲ ፍጠር ።ነዚ መልእኽቲ ናይ ኢምግሬሽ ጠበቓ እንተሃሊካ ስደደሉ ።ጠበቓ እንተዘይሃሉካ ብናጻ ናይ ሕጊ ግልጋሎት ንዝህቡ ጠበቓታት ሓበሬታካ ክትሰድድ ትክእል ኢካ ።
- ካልኣይ ድማ ንናይ ቀረባ ፈተውትን ስድራቤትን ብሕታዊ ድሕንነት ዝሓዘለ መልእኽቲ ፍጠር።እዚ ድማ ኣብ ክንዳኻ ንኽርኽቡን ንኽጣበቑን ዘድልዮም ሓበሬታ ዘጠቓልል ክኸውን ኣለዎ።ኣብ ሬዲ ናው (ReadyNow) ኣብሊኬሽን ብዝርዝር ክቕመጡ ዘለዎም ነገራት እዚኦም ዝስዕቡ እዮም። ጠበቓ እንተሃልዩካ ናይ ጠበቓኻ ሙሉእ ስምን ኣድራሻ ፣ መለለዪ ቍጽሪካ ወይ ድማ ( A -number) ከምኡውን እቶም ትፈትዎም ሰባት ምእንቲ ኽረኽቡኻ ምስ ናይ ኣይስ( ICE) መመልከቲ እሱራት ሊንክ ኣተሓሕዞ ፣ ዝኾነ ይኹን ኣገዳሲ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ከምኡውን ኣገዳሲ ሰነዳትካ ኣበይ ከም ዘሎ ዘጠቓልል ሓሳብ ክህሉ ኣለዎ።
- ሳልሳይ ድማ ዝተፈላለየ መልእኽቲ ብዛዕባ ኽንክን ቈልዑ፣ክንክን ዓበይቲ ሰባት፣ ክንክን እንስሳታትን ከምኡውን ብዛዕባ ዘይተጸበኻዮ ስራሕ ምቡኳር መልእኽትታት ፍጠር። ነዘን ነፍሲ ወከፍ መልእኽቲ ንምፍጣር እንተ መሪጽካ ናብቶም ዝጠቕስካዮም ኣድራሻታት ክላኣኽ እዩ።

ነቲ ናይ መጠንቀቕታ መጠወቒ ቅድሚ ምውቃዕካ ናይ ህጹጽ ግዜ መደባትካ ንስድራ ቤትካን ፈተውትኻን ከተካፍል ትኽእል ኢካ። ሬዲ ናው (ReadyNow) ፦ ኣፕሊኬሽን ቅዳሕ ናይ ህጹጽ መደባትካ ኣቐዲምካ ምስ ዝመረጽካዮም ቀንዲ መራኽቢታት ከተካፍል ኣማራጺ ይህበካ እዩ።

3. ናይ **ህጹጽ ግዜ መደባት ምስ ሕጊ ድጋፍ ዘለዎ ምትእስሳር** ፦ ናይ ህጹጽ ግዜ መደብ ክትፈጥር ከለኻ ሓበሬታኻ ምስ ሃገራዊ ዝኮነ ናይ ኢሚግሬሽን ሕጊ ግልጋሎትን ንህጹጽ ኩነታት ምላሽ ዝህቡ ተጣበቕቲ ሕግታት ከካፍል ክትፈቕደሉ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ነዚ ኣማራጺ እዚ እንተ መሪጽካዮን ነቲ መጠንቀቕታ መጠወቒ እንተብሪህካዮን ሓበሬታኻ ብቀጥታ ናብ ሃገራዊ ናይ ሕጊ ድጋፍ መርበብ ክከይድ እዩ፣ እዚ መርበብ እዚ ድማ ምስ ሓደ እሙን ሕጋዊ ወኪል ከራኽበካ ይፍትን እዩ። ነዚ ኣማራጺ እዚ ምምራጽ ኣብ እዋን ማእሰርቲ ጠበቓ ኽም ዝምደበልካ ውሕስነት ክከውን ከም ዘይኽእል ግን ኣስተብህል፣ ውሕስነት ጠበቓ ብስዓቱ ናይ ጠበቓ ምህላው ትነብረሉ ቦታን ፍሉይ ሕጋዊ ድሌትካን ዝተመርኰሰ እዩ ።

**ብሕታዊነትን ናይ ደሕንነት ዕቑባ**:- ኩሉ ዳታ ምስጢራዊ እዩ ኣብ መሳርሒ እቲ ተጠቃሚ ጥራይ እዩ ዝቕመጥ፣ መጠንቀቕታ ምስ ተላእከ ድማ ይድምሰስ፣ እዚ ኸኣ እታ ቴሌፎን እንተ ተታሒዛ ሓለፍቲ መንግስቲ ኸይረኽብዎ ይኽልኽል።

ሬዲ ናው (ReadyNow) አፕሊኬሽን ብናጻ ኣብ ኣፕል ስቶርን ([Apple App Store](#) ) ጎግል ፕለይ [Google Play](#) ክትረኽቡዎን ከ ተውርድዎ ትኽእሉ ኢኩም ።

ንስድራ ቤትካን ንፈተውትኻን ንኪጋጥም ዝኽእል ማእሰርቲ ኣድማዒ ብዝኮነ መንገዲ ከመይ ገይርም ከም ዝምልሱ ተወሳኺ ሓበሬታን ምንጪታትን ከተካፍሎም ትደሊ ተኮይንካ ኣብዚ ዝስዕብ ሊንክ ሓበሬታ ኽትረከብ ትኽእል ኢካ።"[5 Things You Can Do if Loved One is Detained by ICE or Border Patrol](#)".

## ናይ ሕጊ ግልጋሎትን ካልእ ሓገዝን ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?

ኣብ ኣሜሪካ ከም ስደተኛ ዘለካ መሰልን ኣማራጺታት ንምፍላጥ ምስ ጠበቓ ኢሚግሬሽን ወይ ካብ ክፍሊ ፍትሒ ተቐባልነት ዝረኸበ ተወካሊ ተዘራረብ። ምርጫታትካ ንምርዳእ ምስ ናይ ብሕቲ ኢሚግሬሽን ጠበቓ ወይ ኣብ ሰብኣዊን ዘይመንግስታዊ ትካላት ዝርከቡ ናይ ኢሚግሬሽን ሕጊ ኣገልግሎት ዝህቡ ተራኸብ።

ብሕቲዊ ዝኾነ ናይ ኢሚግሬሽን ጠበቓ ንምርካብ ኣብዘን ዝስዕባ ሊንክታት [American Immigration Lawyers Association](#) ወይ ድማ [Asylum Seeker Advocacy Project (ASAP list of private attorneys](#) ዝብል ብምእታው ክትደሊይ ትኽእል ኢካ። ሃገራዊ ናይ ኢሚግሬሽን ሕጊ ኣገልግሎት መሐበሪ ኣብ መላእ ኣሜሪካ ናይ ኢሚግሬሽን ሕጋዊ ኣገልግሎት ዝህባ ናይ ሰብኣዊን ዘይመንግስታዊ ትካላት ዝርዝር ዝሓዘ እዩ፣ እዚ መሐበሪ እዚ ትደልዮ ቦታ ንምምራጽ ዘኽእለካ እዩ።

ብተወሳኺ ህጹጽ ሓገዝ እንተደሊካ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብን መብዛሕትኡ ግዜ ዝሰፍሐ ናይ ማሕበረሰብ ኣገልግሎታት ዝህብ ናይ ህጹጽ ምላሽ ሆትላይን([Rapid Response Network of Hotlines](#) ) ክተዛርብ ትኽእል ኢካ።

**ኣብ ናይ ኢሚግሬሽን ዝፍጸሙ ምትላል ተኸላኸል፦**
**ነቲ ዝሕግዘካ ዘሎ ናይ ኢሚግሬሽን ጠበቓ ወይ ተቐባልነት ዝረኸበ ተወካሊ ብቑዕ ምዃኑ ሕተት።**

- ናይ ሕጊ ምኽሪ ክህቡኻ ዝኽእሉ ናይ ኢሚግሬሽን ጠበቓታትን ተወከልቲ ጥራይ ምኳኑ ኣይትረስዕ። ናይ ኢሚግሬሽን ምኽሪ ንምሃብ ካብ ዘይተፈቕደሎም ወይ ብቑዓት ዘይኮኑ ኖተሪታት ወይ ህዝባዊ ኖተሪ ተጠንቀቑ። ግዜኻን ገንዘብካን ብምብኻን ንዓኻን ንጉዳይካን ድማ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ኸእትውዎ ይኽእሉ እዮም።

- ቅድሚ ናይ ኢሚግሬሽን ጠበቓ ምቁጻርካ መጀመሪያ ብቑዕ ምኳኑ ሕተት። እዚ ሰብ ጠበቓ ድዩ ወይስ ተቐባልነት ዝረኸበ ተወካሊ? እዚ ሰብ ኣብ ሕጊ ኢሚግሬሽን ክንደይ ናይ ስራሕ ልምዲ ወይ ድማ ተሞክሮ ኣለዎ? ናይ ኢሚግሬሽን ምትላል ([Immigration Scams]) ዝብል ሊንክ ጠዊቕካ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢካ።

**ኣብ ትነብረሉ ከተማ ናይ *ሕጊ ሓገዝ* ንምርካብ ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክ ተጠቐም፡-**

| [Immigration Advocates Network] | [American Immigration Lawyers Association] | [ASAP list of private attorneys] | [Rapid Response Network of Hotlines] | [ImportaMí] *(for **youth** who entered the US without a parent or legal guardian)* |
|---|---|---|---|---|
| | | | | |